# ከመይ ጌረ ሞ ክርሳዓኩም

ከመይ ጌረ ሞ ክርሳዓኩም
ዝፈልጠኩም ክንሰይ ብምሉእ ኣካላትኩም
ጎላጉል ኣኽራናት እንዳተሳገርኩም
ብቐይሕ ደምኩም ታሪኽ ዝጻሓፍኩም
ከምሎሚ ዘይኮነ ከይማሰነ ሰውነትኩም
ኣብ'ዚ ዘለኹሞ ሎሚ ሂወት ከይወደቕኩም
ዝርሳዕ ኣይኮነን'ዚ ቕዱስ ስራሕኩም

ዝርኣየ ይንገር ዝዋዓለ ይቐበር ተባሂሉ
ከም'ዚ ሎሚ ኣይነበረን ኣካላትኩም ጎዲሉ
ንኻላሽን-ብሬን ኣብ ዝባንኩም ተሓዚሉ
ኣብ ጋሽ-ባርካ ውዒልኩም ኣብ ከበሳ ትሓድሩ
ኣብ ሳሓል ቆሪስኩም ኣብ ደንከል ትድረሩ
እወ'ንሕማቕ ከም ጽቡ'ቕ ወሲድኩም
ንጥሜተ ዕርቃን ከም ውሁብ ቆጺርኩም
ንዓቐበተ-ቁልቁል ከም ጎልጎል ዘሊልኩም
ንርሑ'ቕ ከም ቀረባ ኣቐሚጥኩም
ኩሉ ከም ዝካኣል ንነብስኹም ዘዕገብኩም
መን ድዩ ዘይንስ'ኻትኩም ባዕል'ኻትን ባዕል'ኻትም

ኣንታ'ወ ውጉእ ናይ ሓርነት
ኣይበ'ቕዖን'የ ክገልጸ ነቲ ናትካ ተረት
ቃላት ይሓጽሩኒ ናይ ብኡነት
ዝተኸፍለ ዋጋ ንሓድነት ንነጻነት
ሃገርካ ንምልቓ'ቕ ካብ ባዕዳዊ መግዛእትነት
ህዝብ'ኻ ከስተማ'ቕር ላዛ ናይ ሓርነት
ኣካላትካ ዘጉደልካ መዘና መስዋእትነት
መንድ'ዩ(2) ንጸላም ከም ብርሃን ጋሊሁ
ንለይቲ ከም ቀትሪ ኣብሪሁ
ዓወት ወይ ሞት ኔሩ ጭርሑ
ሓድነትና መንገዲ ዓወትና ኔሩ መቓልሑ
ኩሎም ወረራታት ክሳብ ዘስካሕኩሑ
ዘይንስ'ኻ'ሞ መን ኔሩ ዝሳዓረ ንዝተመክሑ
ኣይንሓደን'የ ን'ኹሉ'ኹም
ሲ.ሓርነት ዶ ህ.ሰራዊት ክብለኩም
ኩሉ'ኹም ጀ'ጋኑ ደምኩም ዝሓወስኩም
ንነጻነት እፎይታ ኣካልኩም ዝሳኣንኩም
ደቂ ሓንቲ ማህጸን ከመይ ክፈልየኩም
ንሓደ ዕላማ ኣካልኩም ዝጎደልኩም
ኣብ ክንዲ ኣዕንት'ኹም ዝዓወርኩም----ንዕርዲ ጸላኢ ዝሰበርኩም
ኣብ ክንዲ ኣእዛንኩም ዝጸመምኩም----ንምእንቲ ህዝቢ ዝሓመምኩም
ኣብ ክንዲ ደምኩም ዘፍሰስኩም ------ናይ ነጻነት ዋልታ ዘውሓስኩም
ኣብ ክንዲ ምምሃር ምግዳል ዝመረጽኩም--- ንሰላም ንራህዋ ዋጋ ዝኸፈልኩም
ንስ'ኻትኩም ዶታ እዚ ንረኽብኩም-------መን ይሓልሞ ብዘዕበ'ኹሞ ከልቢ ምን'ኻስኩም

ሕልም'ኹም'ሲ፦ ዝተሰደ ዓዱ ተመሊሱ

ዘሎ ኣብ ገዛ ብሂወቱ ብነብሱ
ኣብ ቃልሲ በጃ ህዝቦም ንዝለመሱ
ታሪኽ ናይ ስውኣት ንኸንግሱ
ክጻሓፍ ክዝንቶ'ዩ ኔሩ ዘተስፉ
ሕልሚ ናይ ኩሉኹም ኔሩ -ሕልሞም ዳኣ ይህሰሱ

ኣየ'ው፡- እቶም ዝሓለፉ እንተዝምለሱ
እቶም ዝሰንከሉ እንተዝፍወሱ
እቶም ዝበደሉ እንተዝጣዓሱ
እቶም ዝተበደሉ እንተዝኻሓሱ
ኣርሒቖም ዝገሹ እንተዝምለሱ
ዝፈረሱ ዑና እንተዝሕደሱ
ኩሉም ሓቢሩም ኢዶም እንተዝሕውሱ
ምህርቲ ነጻነትና ንተሓፍሱ
እቲኦም ኣይምተኸሱ እዚኦም ኣምኸሰሱ
ኩሎም ሓቢሮም ምተቓደሱ
ውጋኣት ሓርነት ካኣ ኣኽሊሎም ንለበሱ

ዝናኣድ ተግሶ'ዩ ንሰምየ ዘለና
ንኹሉ ጽዋዒት'ዩ ንባዓል ሕልና
ሃየ ሓቦ ንበል ርእስና ኣቕኒዕና
ንሓግዞም ንጽጉማት ወገና።
ውጋኣት-ሓርነት ሰንድ ሃገርና ኢኹም"

ካብ ብርሃነ ወዲ-ጎሉ